30.08.2018

**ውርሻ ብረታዊ ቃልሲ ህዝብና ንዓቅብ!**

ብኣጋጣሚ ጽንብል ሓደ መስከረም ፡ መበል 57 ዝክረ-ዓመት ጅማረ ብረታዊ ቃልሲ ሃገራዊ ሓርነት ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ምዉቕ ዮሃና!

እቲ ኣብ መስርሕ ናይ 30 ዓመታት መሪር ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ ፡ ጽንኩራት መሰናኽላት ሰጊሩ፣ ዚተሓላለኹ ብድሆታት መኪቱ፣ መዘና-ኣልቦ መስዋእቲ ብሉጻት ደቁ ከፊሉ፣ ዓቢይ ታሪኻዊ ዓወት ዘመዝገበ ህዝቢ ኤርትራ፤ ሎሚ ፡ ድሕሪ 27 ዓመታት ናጽነት ፡ ኣብ ደሞክራሲ ፡ ግዝኣተ-ሕጊ ፡ ኣኽብሮት መሰላት ደቂሰብ ዚሰፈና ሃገር ብሰላም ፡ ቅሳነት ፡ ፍትሕን ራህዋን ኪነብር ምተገብአ ። ኰይኑ ግን ፡ ድሌቱን ባህጉን ኣይሰመረሉን ጥራይ ዘይኰነ ፡ ንቐጻሊ ህላወ ናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ክስተት ይገሃድ ኣሎ ። ክንዲ ዚኾነ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ሎሚ ፡ ልዑላዊ ናጽነት ሃገሩ ዓቂቡ፣ ነቲ ግዝኣተ-ሰብ ዚፈጠሮ ተጻይ ክዉንነት ብስሩ ብምቕያር፣ ፍትሕን ራህዋን ዘስፍን ቅዋማዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ምቅላስ ይርከብ ።

ኣብዚ መበል 57 ዝክረ-ዓመት ጅማረ ኲናት ሃገራዊ ሓርነት ዚጽንበለሉ ዘሎ እዋን'ዚ ብፍላይ ፡ መሰረታዊ ዕላማታት ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ንምምላስ ኲነ ነቲ ዚዓበየ ውርሻ ሰማእታትና ዚኾነ ልዑላዊ ናጽነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ሃገርና ንምዕቃብ፣ ሎሚ ዝያዳ ትማሊ ፡ ንቕሓት ፡ ስምረት ፡ ትኩርነት ፡ ተዓጢቕና ንቃለስ ። ነቲ ንቐጻሊ ህላወ ናጻ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ ዘንጸላሉ ዘሎ ሓድሽ ድነ ስግኣት ብጽንዓት ንምምካት ሃገራዊ ግዴታና ንሰከም ። ኣብዚ ንኣበጋሲ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ፡ ጅግና እድሪስ ሓምድ ዓዋተን ብጾቱን ፡ እንኽብረሉ ኣጋጣሚ ድማ ፡ ነቶም ስም ናይቲ ሃገራዊ ጅግና ሰማእት እናተጠቕሙ ወይ እናጸውዑ፣ ነቲ ዚተቓለሰሉ ዕላማ ዚጻረር፣ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኲነ ስምረት መሳርዕ ሃገራዊ ተቓውሞ ንምልሕላሕ፣ ከፋፋሊ ጕጅላዊ ፕሮፓጋንዳ ዘሳስዩ ፡ ጐድኒ ንጐድኑ ፡ ጸለመ ሓርበኛታት ዘሰላስሉ ሕሱራት ናይ ፖለቲካ ሽቃጦ ወጊድ ንበል ።

